# "ኣግኣዝያን"?

## እንታይነትን ምንቅስቓስ ብሄረ ኣግኣዝያን/ ትግራይ-ትግርኚ

### ግእዝ፣ ብሄረ ኣግኣዝያን፣ ትግራይ-ትግርኚ፣ ኣግኣዝያዊነት፣ ማሕበር ኣሕዋት ኣግኣዝያን፣ ኣግኣዝያን ሪፐብሊክ/ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ወዘተ

ብጌታቸው ኣረጋዊ




ክሳብ ቀረባ እዋናት (ብፍላይ ኣብ ዓድና) ማሕበራዊ ሚድያ ከም ቁምነገር ገይርካ ዝውሰድ ኣይነበረን። ብፍላይ ከዓ እኒ ፌስቡክ ስቓ ኢልካ ናት ተራ ወረን ጠራዕራዕን ገይርካ ዝረኣየሉ እዩ ነይሩ። ሐዚ ግን ዋላ እኳ መሊእኻ እትምሕለሉ ፅሩይን ሓላፍነት ዝወሰደሉን መድረኽ ተዘይ ተበሃለ፣ ቁምነገር ዘለዎም ከበድቲ ዛዕባታት ኣልዒሉ ኣብ ሕብረተሰብ መዘራረቡ ኣብ ምግባር ግን ተርኡ ልዑል የኸውን ኣሎ። ብፍላይ መንኣሰይ ትግራይ እዚ ዓውዲ ብደንቢ ዝጥቀምሉ ዘለው ይመስሉ። ስለዚ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝለዓሉ ጉዳያት ከም ቁምነገር ወሲድካ ከዝተየሎም ዘለዎ እዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ምብፃሕ ይከኣል።

ብዝኾነ ኣብ ቀረባ እዋናት ኣብ ማሕበራዊ ሚድያታት ኣዘራራቢ ኮይኑ ዘሎ ጉዳይ ኣግኣዝያን ብዝምልከት ሓፂር ዳህሳስ ክነቕርብ። ኣብዙይ ብዋናነት ክረኣዩ ዘለዎም ትርጉምን ታሪካዊ ኣመፃፅኣን ኣግኣዝያን? መን እዮም ኣግኣዝያን? ሐዚ ኸ እቲ ኣግኣዝያውነት ንመንመን ይሕዝ? ምስ ግዝእ ታይ ርክብ ኣለዎ? ምስ ትግራይ ትግርኚ ዘሎ ምምስሳልን ፍልልይን ከ? ኣግኣዝያን ዝብል ምንቅስቓስ ብመን መዓዝ ተጀሚሩ? ሐዚ ዘለዎ ብርኪ ኸ ታይ ይመስል? እቶም መሰረታዊ መትከላትን ትሕዝቶን እቲ ምንቅስቓስ እንታይ እዮም ዝብሉ? ብተቓውሞን ብድጋፍን ዝቐርቡ ኣረኣእያታት ብሓፂሩ ታይ ይመስሉ? ናበይ ከ ከምርሕ ይመስል… ወዘተ ዝብሉ ነጥብታት ኣልዒልና ዘለና ሓሳባት ክነቕምጥ እሞ መንበብቲ ድማ ክትመያየጥሉን ብቑፃሊ ሓሳብኩም ክትህብሉን ንዕድም።

## ኣመፃፅኣ ስያመ ኣግኣዝያን ወይ ኣግኣዝያን መን እዮም?

ተማራማሪ ታሪክ ፕሮፌሰር ላጺሶ ከም ዝብልዎ ታሪክ ኢትዮጵያ ንምፅናዕ 1) ብ ሳባ፣ ግእዝ ፣ ግሪክ ዝተፀሓፉ ኢነስክሪፕሽን/ዝተቐረፀ ፅሑፍ ከምኡ ድማ ሳናቲም/ ገንዘብ 2) ካብ ወፃእ ድማ ናይ ግበፂ ሄሮግሎፊክስ፣ እብራይስጥ፣ ግሪክ፣ ዓረብ፣ ሮማውያን ወዘተ 3) ኣብ ማእኸላይ ክፍለዘመን ብግእዝ ኣብ ብራና ዝተፀሓፉ ገድላታት 4) ድሕሪ 16 ክ/መን ብድፕሎማትስ ወይ ሚስዮናውያን ዝተፀሓፉ መሬዳእታት 5) ካብ ቴድሮስ ንደሓር ብኣምሓርኛ ዝተፀሓፉ ዜና መዋእላት 6) ናይ ትውፊትን ስነ ልሳንን መረዳእታታት… መሰረታዊን ኣገዳስትን እዮም ( ላጵሶ፣ ረጂም የሀዝብና የመንግስት ታሪክ 1982፣ ገፅ 20)። ብመሰረት እዚ መርሀ እዚ፡ ኣግኣዝያን ዝምልከት ኣብዞም ከምዚእም ዝበሉ ሰነዳት ኣገላብጥና ዝረኸብናዮ መረዳእታ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

ብመጀመርታ ኣብ ፍልፍል መረዳእታ ታሪክ ዝለዓለ ተኣማንነት ዘለዎ ኢንስክሪፕሽን/ኣብ እምኒ ዝተቐረፀ ፅሑፍ እንትንፍትሸ ብቐጥታ ኣግኣዝያን ዝብል ቃል ኣይንረክብን። ብተዛማዲ ኢልካ ክውሰድ ዝኸእል ግን እቲ ብቀዳማይ ክፍለዘመን ድሕሪ ልደተክርስቶስ ከም ዝተፀሓፈ ዝእመነሉ ሽሙ ብዘይተገለፀ ናይ ኣክሱም ንጉስ ዝተፀሓፈ ኣብ ኣዱሊስ ዝተረኽበ ኢንስክሪፕሽን "The Aksumite king who wrote the Adulis Inscription boastfully enumerates, as parts of his expanding and multinational state, the following lands and peoples: Ganze(agazian), Agame,

Sign, Aua (Adwa), Zingabane, Angabo, Tiamo, Antangau, Kala, Lasine, Zaa, Gabala, Atalamo, Beja, Tanganitae, Annine, Metine, Sesea, Rhausoi, Solate. The Aksumite state, (ca. 100 – 1100 A.D.) ኢሉ ዝገዝአም ዓድታትን ህዝብታትን እንትገልፅ እታ መጀመርታ ተገሊፃ ዘላ ግእዝ ወይ ኣግኣዝያን ንምባል እያ ኢሎም ዝተርጎምያ ተመራመርቲ ብዙሓት እዮም። ካብዚ ወፃእ ግን ብቀጥታ ኣብ ኢንስክሪፕሽን ኣይንረኽቦን(ከሳብ ሎሚ ብዘሎ ውፅኢት ምርምር)።

ኣብ መፃሕፍቲ ግን ዝተፈላለዩ ፀሓፍቲ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ገሊፆሞ ንረኽቦ። ካብቶም ኣረኣእያታት እቲ ሓደ ምስ ግእዝ (መጀመርታ/ጀመርቲ) ተዛሚዱ ዝግለፅ እንትኾን እቲካልኣይ ድማ ኣግኣዝያን ማለት ነፃ መውፃእቲ (ካብ ደገ ዝመፁ) ብዝብል እዩ ዝግለፅ። ኣብዚ ካልኣዋይ ነጥቢ ብኽልተ ፃፋት ዝመፁ ከትዓት ስለ ዘለው ክምዘሎ ክነቕርበልኩም።

ኣብ ዓድና ናይ መጀመርታ ነበርቲ (ብናይ ስነ ፍጥረት ኣተናትና) ደቂ ካም/ኩሽ ኮይኖም መንግስትነት መስሪቶም ዓዲ የመሓድርሉ ኣብ ዝነበሩ እዋን ሓደ ራማ ዝተበሃለ ንጉስ ካብ ሀንዲ መፂኡ ንየመን ከባቢ ተቖፃፂሩ ይገዝእ፤ ኣብኡ ዝመረሮም ናይ ሴም ዘርኡ ዝኾኑ 3 ደቂ ዮቀጣን ድማ ናብዙይ ኣተዮም ኣብቶም ናይ ዓድና ገዛእቲ ዝኾኑ ደቂ ካም ተፀጊዖም ንሓሙሽተ ዓመት ይነብሩ። ድሕሪኡ እቲ ራማ ዝበሃል ንጉስ ሀንዲ ናብዙይ መፂኡ ንቶም ዓሌት ኩሽ ሰዒሩ ይገዝኦም፤ ቀስ ብቐስ ድማ እቶም ናይ ሴም ዓሌት ዝኾኑ ደቂ ዮቀጣን ንቲ ንጉስ ራማ ሰዒሮም ንዚ ዓዲ ሓራ የውፅእዎም እሞ ኣግኣዝያን ይብሃሉ ትርጉሙ ድማ ነፃ መውፃእቲ ማለት እዩ ይብሉ ከምኒ ኮንቲ ሮስኒ፣ ሀሩይ ወልደስላሴ፣ ተከለፃዲቅ መኩርያ፣ ኣለቃ ታየ፣ መስፍን ዘርኣብሩኽ ወዘተ ዝኣመሰሉ ፀሓፍቲ።

ግልፂ ንምግባር ተክለፃድቕ መኩርያ ኣብ "የኢትዮጵያ ታሪክ፡ ኑብያ-ኣክሱም ዛጉዬ" ዝብል መፅሓፎም ዘቐመጥዎ "....የዮቆጣን ልጆች በየመን ሳሉ የሀንድ ነገስታት እየወጉ ብያስቸገሯቸው የካሙ ዘር ንጉስ ጽአሪ ብኣክሱም በነገሰበት በ1980 ዓ.ዓ የመንን ለቀው ወደ ሃገራችን መጡና፤ ሶስቱ ነገዶች፡ ሳባ በ ትግራይ፣ ኣቦል በኣዳል/ዓፋር፣ ኤቦር በ ኦጋዴን/ ኢትዮ-ሳማልያ ተቀመጡ። እንደመጡም መጀመርያ ለ 5 ዓመት ለንጉስ ጽአሪ ገብረዋል። መዚህ መካከል የሀንድ ንጉስ ራማ ወደ ሃገራችን መጥቶ ጽአሪን ወግቶ ስላኑን ቀማው። ህዝቡንም ይገዛው ጀመር። በዝያን ግዜ እነዚህ ሶስቱ የዮቀጣን ልጆች ከያሉበት ተሰባስበው ራማን ወግተው ሰራዊቱን ኣሸንፈው እሱንም ገደሉና ህዝቡን ከባርነት ነፃ ኣወጡት። በዚህም እነዚህ ነገደ ዮቀጣን ነገደ ኣግኣዝያን (ነፃ ኣውጪዎች) የሚል ስም ወጣላቸው።" ይብል።

እዞም ደቂ ዮቀጣን ንቲ ባዕዳዊ ገዛኢ ኣባሪሮም ነፃ ኣውፂኦም ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ናይ ኣክሱም ስልጣን ኣብ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ፍልስፍና፣ ስነ ህንፃ ወዘተ ንሳቶም ዘምፅእዎ እዩ እዮም ዝብሉ እዞም ዝተጠቐሱ ፀሓፍቲ። እኒ ዶር ተወልደ ትኩእ (የኢትዮጵያ ኣንድነትና ኢጣልያ)፣ ዶር ኣያሌው ሲሳይ (የኣገው ህዝብ ታሪክ)፤ ኣስረስ የኔሰው (ኣክሱም መኑ ኣንተ)፣ ዶር ሃብተማርያም ኣሰፋ (የኢትዮጵያ ታሪክ ጥያቄዎችና ባህሎች)፣ ፕሪፌሰር ላጺሶ ጊ.ዴሌቦ (የኢትዮጵያ ረዥም የህዝብና የመንግስት ታሪክ)፣ መሪጌታ ልሳነ ወርቅ ገብረገርግስ (ብሄረ በፅኣን ኢትዮጵያ) ወዘተ ድማ ንዚ ልዕለ ኢሉ ዝተገለፀ ሓሳብ ይቃወምዎ። እዚኣ እውን ግልፂ ንምግባር ጨሊፍና ንርኣያ፤ ዶር ተወልደ ትኩእ ኣብታ "የኢትዮጵያ ኣንድነትና ኢጣልያ" ከምዚ ይብሉ "... በብዙ የሃገራችን ፀሓፊዎች የቀረበ ፅሑፍ ትክክል ነው ብለን መውሰድ እንቸገራለን.... ለምሳሌ ኣቶ ተከለፃድቅ መኩርያ ኣብ የኢትዮጵያ ታሪክ፡ ኑብያ-ኣክሱም ዛጉዬ በሚል መፅሓፍ ያቀረቡት የታሪክ ግምገማ በኣንድ ኣንድ ሃሳቦች የተቃውሞ ሃሳብ ለማቅረብ እገደዳለሁ፤ ኣንደኛ ለመንግስታችን፣ ቋንቋችን ስልጣንያችን መሰረት የሆነው ከደቡብ ዓረብ በመጡ የዮቀጣን ልጆች ነው የሚለው እውነትነት የሌለው የማንቀበለው ነው። ሁለተኛ የዮቀጣን ልጆች ንጉስ ራማን ኣሸንፈው ኣግኣዝያን ተባሉ፣ ቋንቋቸውም ግእዝ ተባለ የሚለው እውነት ሊሆን ኣይችልም፤ እውነት ቢሆን ኣፋሮቹና ሶማሌዎቹም እንዳኣሁኑ ኩሺቲክ ሳይሆን ግእዝ ይናገሩ ነበር ማለት ነው።..."ኢሎም የቕምጡ። ዶር ኣያሌው ሲሳይ ብተወሳኺ ንቶም ቅድሚ ጽአሪ ዝነበሩ 22 ነገስታት ዘሕለፉ ስልጡናት ህዘቢ ደቂ ካም ዘይሰዓርዎ ንጉስ ሓሙሽተ ዓመት ዝተቐመጡ ስደተኛታት ደዊ ዮቀጣን ስዒሮሞ ኢልካ ምምዓት ማይ ዘይቓፅር ምጉት እዩ ይብሎ። ፕሮፌሰር ላጺሶን ፕሮሴሰር ስርገውን .. "ሳባውያን ብሰፈራን ስራሕን መፂኦም ኣብ ትሕቲ ደኣማት ይነብሩ ምንባሮም .. ዓረብ ብምልኡ ናይ ኢትዮጵያ ገባር ግዝኣት ከም ዝነበረ"፤ደቡብ ዓረባውያን 1000 ቅ/ክ ከባቢ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝተሰደዱ እዩ፤ ፅቡቕ ቦታን ምሕደራን ንምርካብ (ancient and medival history by sergew habteselase፡ page 26.) ኮንቲ ሮሲኒ ዝተበሃለ ጣልያናዊን 1872-1949፣ ኢኖ ሊትማን ዝተበሃለ ጀርመናዊን 1875- 1958 ስልጣነ ኣክሱም ካብ ዓረብ መፂኡ ኢሎም ካብ ዝሰበኹ ኣውሮፓውያን እዮም። ..... ይኹን እምበር ሴማዊ ህዝብን ቋንቋን ኣብ ዓረብ ቅድሚ ምንባሩ 2000 ዓመት ቀዲሙ ኣብ ዓድና ነይሩ እዩ። ፕሪፌሰር ላጺሶ ጊ.ዴሌቦ (የኢትዮጵያ ረዥም የህዝብና የመንግስት ታሪክ)፣ ዴቪድ ሌቪን ይውስኹሉ እዩ።

እቶም ደቂ ሴም ኣፅራብ ዓዶም ድርቂ ምስ ኮኖም ድኣ ናብ ዓድና መፂኦም ስደተኛታት ኮይኖም ፅግዕተኛታት ኮይኖም ሰራሕተኛታት ኮይኖም ምስቶም ደቂ ኩሽ ተዋሲቦም ነበሩ እምበር ፤ መፂኦም ንዓና ነፃ ኣውፂኦም ግእዝ ኣማዕቢሎም ኣግኣዝያን ተባሃሉ ዝብልስ ዓብዪ ሓሶት እዩ፤( ብሄረ በፅኣን ኢትዮጵያ፤ መሪጌታ ልሳነ ወርቅ ገብረገርግስ፣ ገፅ 23) ኣስረስ የኔ ሰው እውን ንዙይ የረጋግፁ ብመረዳእታ። ዶር ኣየለ በክሪ ድማ እዚ ካብ ዓረብ መፂኦም ንኢትዮጵያ ኣሰልጢኖም ዝብል ናይ 19 ክመን ናይ ኣውሮፓውያን ሕሶት ፕሮፖጋንዳ እዩ ይብልዎ።

ግእዝ፦ እቲ ካልእ ትረኻ ምስ ግእዝ ብዝተኣሳረ ዝቐርብ እዩ።

ግእዝ ካብቶም ፊደል ዘለዎም ቋንቋታት ሴም

ሓደ ኮይኑ ኣብ ሃገርና ዝኣተወሉ ግዜ ካብ 3510- 3529 ዓ ዓ እዩ ይበሃል። ግእዝ ናብ ሃገርና ካብ ዝኣቱ ጀሚሩ ክሳብ መበል 13 ክፍለ ዘመን ማለት ብናይ ኣክሱም ዘመነ መንግስት ግዜ ንቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ጥንታዊ ቋንቋ ዓብሊሉ ህዝባዊን መንግስታዊን ቋንቋ ኮይኑ የገልግል ምስ ነበረ ካብኡ ንነጀው ግን ብቛንቋ ትግርኛ ተተኪኡ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ተወሲኑ ይርከብ። ( መሪጌታ ግርማፅዮን መብራህቱ፤ 'ልፅሳነ ግእዝ ዘእም ግርማ" መዝገበ ቃላት ትግርኛ፣ 1977 ዓም፣ ኣዱሊስ)።

ግእዝ ብደኣማት መንጭዩ። ግእዝ በዘመነ ደኣማት ብ100 ዓዓ ከም ዝተጀመረ እዩ፤ ብፅሑፍ ደረጃ ግን ኣብ ናይ ገደረት ዝተበሃለ ንጉስ ኢንስክሪፕሽን እዩ ንመጀመርታ ግዜ ተረኺቡ (ፕሪፌሰር ላጺሶ ጊ.ዴሌቦ)።

ግእዝ ማለት ቀዳማይ ማለት እዩ፤ ኣግኣዝያን ማለት ናይ መጀመርታ ሰባት ማለት እዩ ወይ ቀዳማት ሰባት ማለት እዩ፣ ኢትዮጵያ ናይ ደቂ ሰባት መበቆል ከም ምኧና መጠን ማለት እዩ።( ዶር ሃብተማርያ ኣሰፋ፡ የኢትዮጵያ ታሪክ ጥያቄዎችና ባህሎች፡ ገፅ 102)።

ግእዝ ማለት መጀመርታ፣ ኣውራ፣ ማለት እዩ። ኣብ ሞንጎ ገዓዘ (ተጎዓዘ ንምባል)፣ ገውዝ (ግሎዝ ነገር)፣ ግእዝ ዘሎ ኣፈላላይ ምርዳእ የድሊ። ጀመርቲ ስለ ዝኾና መፀውዒ ቋንቋና ግእዝ፣ መፀዊዕና ድማ ብሄረ ኣግኣዚ ኮይኑ ዓዲ በዓል ሓራ ናይ መጀመርታ ማለት እዩ። ኣስማት ኢትዮጵያ 3ተ ኢየን። 1ቲ ኢትዮጵያ: 2ቲ ሳባ: 3ቲ ብሄረ ኣግኣዚ" ደብተራ ፍስሃ ጊዮርጊስ (ታሪኽ ኢትዮጵያ:ገፅ 1_5)

ብሄረ ኣግኣዝያን ዝብል ዝመፀ ካብ እግዝእ ዝብል ቃል ኮይኑ ትርጉሙ ድማ ምድረ እግዚኣብሄር ወይ ድማ ሃገረ ኣምልኾተ እግዚኣብሄር ንምባል እዩ ይብሉ መሪጌታ ልሳነወርቅ።

ግእዝ ብፅሑፍ ደረጃ ንመጀመርታ ግዜ ብንጉስ ገደረት እዩ ኣብ ኣክሱም ተረኺቡ። ግእዝ ኢነስክሪፕሽን ኣብ ኤርትራን ትግራይን እምበር ኣብ ካሊእ ኣይተረኽበን ስለዚ ግእዝ ስልጣነ ንናይ ክሊቲኡ ህዝቢ ጥራይ ዝገልፅ እዩ ዝብሉ ተንተንቲ እውን ኣለው። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ንኽሊቲኡ ህዝቢ ንምግላፅ ኣግኣዝያን ወይ ብሄረ ኣግኣዝያን ዝብል ሓበራዊ ስም ይገልፆ እዩ ተባሂሉ ይእመን ኣሎ።

እሞ ኣብ ታሪክ ተሰኒዱ ዘሎ እቲ ዝረኸብናዮ ክምቲ ዝቐረበ እየቱ፤ እቶም ኣግኣዝያን ዝብሉ ዘለዉ ኣየናይ እዮም ወሲዶም ግልፂ ኮይኑ ቁርፅ ዝበለ መልሲ ምርካብ የፀግም እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ፅሑፋት ዝተፈላለየ ኣገላፅታት ስለ ዝጥቀሙ። ብዘኮነ እቲ ታሪኻዊነቱ ዝምልከት እዙይ ኢልና እቲ ምንቅስቓስ ኣግኣዝያውነት ከመይ ጀሚሩን ኣበምንታይ ኩነታት ኣሎን ዝብል ክዓ ክንርኢ።

## ኣምር ኣግኣዝያውነት

ብቲ ታሪካዊ ኣመፃፅኣኡ ዋላ እካ ፈፂሙ ንኻልእት ኣይሓቁፍን እንተዘይተበሃለ

ብዋናነት ግን ኣብ ክልል ትግራይ ንዝርከቡ ተጋሩን ኣብ ደጉዓታት ኤርትራ ንዝርከቡ ተጋሩን ዝጠመር ቃል እዩ ኢልካ ክውሰድ ይከኣል። ዋና መጠንጠኒኡ እውን እዙይ ስለ ዝኾነ ካሊእ ዘሻሙው ትርጉም ከይሓዝና ንኽልቲኡ ትገርኛ ተዛራቢ ዝጠመር ስያመ ኢልና ንሓዞ። እሞ ናይዞም ክልቲኦም ህዝቢ ሓደን ክልተን ምኧን ድኣ ከመይ እዩ ዝግለፅ? መዓዝ ሓደ ነይሮም? መዓዝ ተፈላለይም? ከመይ ኢሎም ከ ሓደ ክኾኑ ይኽእሉ? ዝብሉ ሕቶታት ምምላስ ከድሊ እዩ። ኣግኣዝያውነት፣ ብሄረ ኣግኣዚ ወይ ሃገረ ኣግኣዚ ዝብል ንኽልቲኡ ትግርኛ ተዛራቢ ህዝቢ ዝሓቁፍ ስያመታት ክስማዕ ዝጀመረ (ድሕሪ እቲ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ ጥንታዊ ታሪክ) ኣብ ማእኸላይ ዘመን ማለት እዩ ኣብቲ ትግራይ ትግርኚ ዝብል ምንቕስቓስ ዝነበረሉ እዋን እዩ።

## ምንቅስቓስ ትግራይ-ትግርኚ

ኣመሰራርታ ትግራይ ትግርኚ ብዝምልከት ፕሮፌሰር ተስፋጼን መዴሃኔ ኣብ ሓደ ጽሑፉ ከም ዝገለፆ ፥ ኣብ እዋን መንግስቲ ጣልያን ብፍሊይ ኣብ 1935 ኢትዮጵያ ኣብ ምቁጽጻር ኢጣልያ ምስ ኣተወት ፥ መራሕቲ መንግስቲ ጣልያን ኢትዮጵያ ንኽቆጻጸር ምእንቲ ከጥዕሞ ክልተ ሓሳባት ሒዝም ተበገሱ።

1. ፖለቲካ ሸዋ፤ ብናይ ኢጣልያ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ዝምረጽ ኮይኑ ፥ ንመንግስቲ ሸዋ ኣሐይልካ ነተን ካልኦት ግዜኣታት ጣልያን ምቁጽጻር ዝዓለመ ሓሳብ እዩ ነይሩ ።

2. ፖለቲካ ትግርኛ , ብናይ ኢጣልያ ቤት ጽሕፈት ኮልኒ ዝድግፍ ኮይኑ እንጻር እቲ ፖለቲካ ሸዋ እዩ። እዙ ማለት ኢትዮጵያ ንምቁጽጻር ነቲ ማእከለይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነጽጉ ወገናት ምሕያልን ምድጋፍን'ዩ ። ብኻሊእ ኣበሃህላ ንገዚእቲ ትግራይ ኣሐይልካ መንግስቲ ሸዋ ከም ዘዲኽም ምግባር።

እንግሊዛውያን ኣብ ኤርትራ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ተኺልም ኣብ ዝነበርሉ እዋን ንኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኢትዮጵያውን ክቆጻጸሩዋ ይሓስቡ ስለዝነበሩ ንመንግስቲ ሸዋ ኣዲኺሞም ፣ ትግራይ ትግርኚ ማለት ትግራይን ኤርትራን ብሓባር ንምምሕዳር ዒላማ ገበሩ። ብዘሕ ጎሰጋሳት'ውን ገበሩ። ትግራይ-ትግርኚ ሰዊሱዋዊ ትርጉሙ ንክኢላታት ገዲፍና ከም ንትግራይን ካልእ ተዛራቢ ትግርኛን ዝሓቁፍ ኣጠቓቕማ ዝነበ ሮ ምስእንሓሰብ፡ ራእሲ ሃይለስላሴ ጉግሳን ሰዓብቶምን ሓዳስ ናይ ብሄረ-ትግርኛ ሃገር ክምስርቱ ብምውጣን ብመንግስቲ ጣልያን ቅቡል ተወሲዱ ወይ ብእኦም ወይ ብራእሲ ሰዩም መንገሻ ትምራሕ ሃገረ-ህዝቢ ትግርኛ ንምምስራት ምስ ናይ'ቲ እዋን ልዕለ-ሓያል ዝነበረ እንግሊዝ ከምዝተዛተዩሉ ታሪኽ ይዛረብ።

ካብዚ እንርድኦ እዚ ትግራይ ትግርኚ ዝብል ውጥን ሓሳብ ብተገራ ብፍላይ ድማ ብገዛእቲ ሽዋ ንብደል ኣለና ዝበሉ ዝተበገሰ ሓሳብ ኮይኑ እቶ ተመሳሳሊ ስሚዒት ዝነበሮም ናይ ከበሳ ኤርትራ ድማ ዝተቐበልዎ ሓሳብ ምምባሩ እዩ። ኣፍቲ ምንቅስቓስ ተመሳሳሊ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ታሪኽ፣ መንነት ብሓፈሻ ዘለዎም ህዝብ ትግርኛ ናይ ሓባር ሃገር ወይ መንግስት ንመስርት ኢሎም እንትንቀሳቐሱ ትግራይ ትግርኚ ወይ ብሄረ ኣግኣዚ ዝብል እናገላበጡ ብማዕረ ዝጥቀምሉ ሓረግ ምንባሩ ፕሮፌሰር ኣለምሰገድ ኣባይ "Identity Jilted or Re-imagining Identity" ኣብ ዝብል መጽሓፉ ጠቒስዎ ኣሎ። እዙ ናይ ትግራይ ትግሪኚ ሓሳብ ኣብ ናይ ትግራይ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ'ውን ብቐሉዕ ዝተለዓለ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ግዛ 70ታት ብእኒ በዓል መምህር ዮውሃንስ ተኽለሃይማኖት ዝምራሕ ዝነበረ ' ግንባር ገድሊ ሓርነት ትግራይ ( ግገሓት ) ኤርትራን ትግራይ ከም ሓንቲ ኣካል ከሓብራ ከምዘለወን ጀሚሩ ምንባሩ ይዝረብ። ግን ኣይጸንሐን ወይ ኣይቀፀለን። ኣብ ህወሓትን ሻዕብያን ግን እዙይ ኣይተረኣየን። ህወሓት ናይ ህዝብ ትግራይ ሕቶ ናይ ብሄራዊ ጭቆና ሕቶ እዩ ናይ ኤርትራ ድማ ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሕቶ እዩ። ስለዚ ትግራይ ሓራ ኰይና ኣብ ኢትዮጵያ ትቕፅል፤ ኤርትራ ድማ ነፃነታ ትእውጅ ዝብል ኣካይዳ መሪፃ። ሻዕብያ እውን ቁርፅ ዝበለ ብፅሑፍ ዝተገለፀ ቅዋም ዋላ ተዘይሃለወ ሓዱሽ ኤርትራዊ መንነት ንምህናፅ እዩ ተጓዪዩ እምበር ናብዚ ኣምር ትጋይ ትግርኚ ኣይከደን። ብዚ ድማ እቲ ብኒ ሚኒሊክ ዝተጀመረ ናይ ከልቲኡ ህዝቢ ምፍላይ ቀፂሉ እቲ ናይ ትግራይ ትግርኚ ወይ ብሄረ ኣግኣዚ ዝብል ቅጥን ቅሀሙ ፀኒሑ፤ ኣብዚ እዋን እዙይ ግን ብሓዱሽ ትውልዲ ከበራበር ጀሚሩ ኣሎ።

A strong plea for the independence of "Tigray-Tigrignie" was made in Alemayehu Alula's article: "If there was not history, secrets would never be revealed." Historical grievances are outlined against the Shoan Amhara to counter Ethiopia's claim of Eritrea. "Our country," "Eritrea," "Tigray-Tigrignie" and "Nation of Agazi" were interchangeably used. Menelik of Shoa was lashed out for betraying his "master" Yohannes and dividing Tigray into two, giving *Mereb-Mellash* to the Italians. The division of the trans-Mereb was lamented: "As a result, though one soul with Tigray, we have been split for sixty years under the yoke of slavery." After tracing historical grievances, the author concluded by stressing the importance of history: "Independence that is supported by and based on history will have a solid foundation."[96]

***The Quest for a Common Heritage:*** A nation creates a social bond among its people by providing a repertoire of shared symbols and traditions. Members are reminded of their common heritage, kinship and heroism giving them a sense of common identity.[97] This was precisely what the *Kebessa* elites were doing in the 1940s by exalting Yohannes and Alula as heroes. In addition to history, a map of "Tigray-Tigrignie" or "Nation of Agazi," as it was named, was made and presented as a symbol of their identity.

## ውጥን ኣግኣዝያውነት ወይ ብሄረ ኣግኣዚ ኣብዚ እዋን

እቲ ናይ 1940ታት ቅጥን ትግራይ ትግርኚ ወይ ብሄረ ኣግዚ ብዋናነት ብናይ ትግራይ ተጋሩ ከም ዝተጀመረ እዩ እቲ ታሪኽ ሰነድዎ ዘሎ። እዚ ናይ ሐዚ ድማ ብወገን ናይ ኤርትራ ተጋሩ ከም ዝተጀመረ እዩ። እዚ ምንቅስቓስ ዝተፈላለዩ ስያመታት እንደሓለፈ እዩ መፂኡ ዘሎ። መጀመርታ ብ2000 ዓምፈ ከባቢ "ደቀባት-ኣጋኣዝያን" ብዙሕ ጎስጓስ ንቶም ደቂ ምድረ ባሕሪ ከገብር ከም ዝፀንሐ እዩ። ብ2011 ዓምፈ ድማ "ማሕበር የሕዋት ኣግኣዝያውያን" ዝብል ተመስሪቱ። ፅንሕ ኢሉ ድማ "ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን' ዝብል ስያመ ሒዙ ኣሎ። ሐዚ ሐዚ ድማ "ዴሞክራስያ ሪፐብሊክ ብሄረ ኣግኣዝያን" ናብ ዝብል ስያመ መፂኡ ኣሎ። እቲ ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ዝብልን ሪፐብሊክ ኣግኣዝያን ዝብልን እናገላነጡ ዝጥቀምሉ ዘለው ይመስሉ። ስለዚ ኣብ ሰለስተ ከፊለ ክርእ መሪፀ ኣለኹ፤ ዴቂ ኣባት ኣግኣዝያን፣ ማሕበር የሕዋት ኣግኣዝያን፣ ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን/ኣግኣዝያን ሪፐብሊክ ብዝብል። እምበእር ኣብ ሰልስቲኦን ዘሎ ቅሩብ ፍልልይ ሪአ እቶም መሰረታዊ ዕላማታቶም ኢሎም ዝዘርዘርዎም ከካፍለኩም።

1) እቲ ናይ መጀመርታ ደቂባት ኣግኣዝያን፦ ኣግኣዝያን ማለት ኢሉ "ብግምት ኣስታት ካብ ሓደ ሽሕ ዓመታት ንላዕሊ ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ይኸውን፣ ኣግኣዝያን ዝተባህሉ ሰማውያን ህዝብታት፣ካብ ከባቢ የመንን ጀርዳንን ኢራቕን ተበጊሶም፣ብቀዪሕ ባሕሪ ኣቋሪጾምን ፈለግ ኒል ተኸቲሎምን፣ንወገን ከበሳ ክሳብ ፈለግ ተከዘ፣ኣብዚ ሎሚ ኤርትራን ትግራይን ዝብሃል ዘሎ ቦታ ተሃዘቡ። ካብኡ ከኣ ንወሎን በጌምድርን ጎጃምን ሰሜናዊ ሸዋን ተስፋሕፍሑ።." ይብሎም። "ኣጋኣዝያን-ደቀባት ምልከቶም ኣንበሳ እዩ" ድማ ይብል።

2) ማሕበር የሕዋት ኣግኣዝያውያን ድማ ኣግኣዝያን ማለት "ህዝበ ግእዝ ተዛረብቲ ቋንቋታት

ትግረን ትግርኛን እዮም። መብዛሕትኦም ሰዓብቲ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ክኾኑ ከለዉ፡ ዝተረፉ ከኣ ተኸተልቲ ምስልምና፡ ካቶሊክ፡ ከኒሻ፡ ኣይሁድ ወዘተ እዮም።" ኢሉ ይገልፆም። እዚ ማሕበር ዕላማታትይ ኢሉ ብዋናነት ዝገልፆ "ዕላማ እዚ ማሕበር ንሃገረ ኤርትራ መሰል ውሑዳን ዜጋታታ ዘውሓሰት መሬታዊ ሓድነት ህዝቢ ግእዝ ምውሓስ እዩ። ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡

ሀ. ህዝበ ግእዝ እቲ እንኮ ወደ ባትን ብብዝሒ ዓብላልን ህዝቢ ስለዝኾነ፡

ለ. ህዝበ ግእዝ እቲ እንኮ ኣብ ዓሌትን እንዳን ዘይተሰረተ ህዝቢ ስለዝኾነ፡

ሐ. ብዙሓዊ ህዝብታት ወይ ዓሌታት ዝተሰረታ ሃገራት ብልጹግን ዲሞክራሲያዊ ሕበረተ-ሰባትን ኣብ ምፍጣር ስለ ዘይዕወታ

መ. ማሕበራዊ ምትእምማን ብዘይ ሓያል ሃገራዊ መንነትን ሓያል ሓባራዊ ሃገራዊ ዕላማን ክፍጠር ስለዘይክእል፡

ሠ. ምስፍሕፋሕ ስነ ሓሳብ ፖሎቲካዊ እስላም፡ ሃገራውነት ኣዕራብ ከምኡ ውን ሃገራውነት ኣምሓራን ህሉው ስግኣት ንመንነት፡ ታሪኽ፡ ባህልን መሬትን ግእዝ ስለ ዝኾነ። ..... ዝኾነ ተወላዲ ግእዝን ነዚ ዕላማ ዝድግፍን ኣባል ማሕበር ክኸውን ይኽእል። "

እዙይ ኣብ ኤርትራ ከም ዝተመስረተ እዩ ኣብቱ ሰነዱ ዝገልፅ ግን ዋና ምንቅስቓሱ ኣብ ወፃኢ ዓድታት እዩ። እዚ ማሕበር ቀንዲ መለለዮ ሕላገት ኣግኣዚናዊ/ ትግራዋይ/ ትግርኛ መንነት ኢሉ ዘቐመጦም ኣርባዕተ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም። "ሀ. ግእዝ/ ትግርኛ ቛንቛን ፊደላትን፤ ለ. ንመሬትና ኣግኣዝያን/ ትግራይ ( ናይ ሎሚ ኤርትራን ትግራይን) ዘለና ስምዒት፤ ሐ. ታሪኽናን፣ መ. ታቦትና ወይ አሪታዊ ሃይማኖትናን።" እዚ ሰነድ ቅፅል ኣቢሉ "ከም ህዝቢ ግእዝ ክንብልጽግን ተወዳደርቲ ክንከውንን እንተድኣ ኮይንና እዚ ዝስዕብ ስነ ሓሳብ ክንክተል ኣለና" ኢሉ "ምዕቃብ ጥንታዊ ባህልናን መንነትናን ማለት ስድራቤት፡ እምነት፡ ምያን ሕብረተሰብን፤ ቀጻልነት ዘለዎ ቑጠባ ማለት ስራሕ፡ ዕድላትን ብልጽግናን፤ ብቑዕ ሰራዊት ማለት ሕቡን፡ ጸጥታን ሰላምን፤ ሊበራል ዲሞክራሲ ማለት ናይ ምዝራብ ናጽነት፡ ናይ ኣምልኾ ናጽነት፡ ናይ ድሌታት ናጽነትን ናጽነት ካብ ፍርሕን" የቐምጥ። "ልዕሊ ማንም ግዜ ካብ ዘይምሃላው ግንዛበ መንነትን ዋንነትን ባህልናን ክብርታትናን ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ወዲቑ፡ መንእሰያትና ናይ መንነት ቅልውላው ኣግጢምዎም ይርከብ።" ዝበለ ሰነድ እዚ ማሕበር ነዚ ንምክልኻል ድማ " ባህሊ ግእዝ ሃገራዊ ባህሊ ይኸውን፡ ትግርኛ/ ትግረ ከኣ ሃገራዊ ቋንቋ። ፤ቁጽርታት ግእዝ እምበር ናይ ላቲን ቁጽርታት ኣይክንጥቀምን ኢና፤ ባህላዊ ግእዝ ኣስማት .ምትብባዕ፤ ናይ ግእዝ ናይ 3000 ዓመት ታሪኽ ክንጽሕፎ ኢና፤ ባህልናን ስነምግባርናን ኣብ ሃገራዊ ካሪክለምን ሚድያን ክነእትዎ ኢና፤ ምምሃርን ምፍታንን ናይ ግእዝ ኣቀራርባን ናይ ገጽ ምልክትን ኣብ ኩሉ ውልቃዊ ይኹን ናይ መንግስቲ ኣብያተ ትምህርቲ ክነተኣታትዎ ኢና። ናይ ዋኒን ባህሊ ክነማዕብል ኢና፤ ናይ ግእዝ ናይ ምክልኻል ባህሊ ክነተባብዕ ኢና፤ ንጀጋኑ ታሪኾም ብምምሃር፡ ሓወልታት ብምህናጽ፡ ኣብ ገንዘብናን ሓጻውን ባጤራናን ስእሎም ምውቃር፡ ትካላትና፡ ጎደናታትና ወዘተ ብስሞም ምስማይ፤ ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ቀዳመ ሰንበትን ዓበይቲ ናይ ኦርቶዶክስ ብዓላትን ብቐጥታ ብመራኸቢ ብዙሓን ክነማሓላልፍ ኢና፤ ባህሊ ናይ ውሁዳን ክንሕሉን ክነኽብርን ኢና፤ ኣመንዝራንት ብሕጊ ክነወግድ ኢና፤ ናይ ኣልኮላዊ መስተ፡ ሽጋራን ስጋ ሓሰማን መወዓዊዒታት ካብ ሚድያ ክነወግድ፤ ብክብርታትና፡ ባህልናን ልምድናን ዘቋሽሹ ናይ ምዕራብዊ ዓለም ባህላዊ ፍርያት ብሕጊ ክንክልክል ኢና" ኢሉ ዘርዚሩ ኣሎ። እዚ ሰነድ ሕቶ መሬት፣ ኣጣይሻ ሚንስተራት፣ ኣጣይሻ ሰራዊት ምክልኻል፣ ፍርዲን ኣውፃእቲ ሕግን፤ ኣካልት መንግስቲ በቢደረጅኡ ወዘተ እንታይ ከም ዝመስል ዘርዚሩ ኣሎ።

ካብዚ ብተዋሳኺ ኣርማናን ባንዴራናን ኢሉ እውን "ባንዴራና ንታሪኽና፡ መንነትና፡ ክብርታትናን መስዋእትናን ትገልጽ ክትከውን እያ። ሕብርታት ጻዕዳን ሰማያውን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ከም መዘከርታ ኣብ ክዳውንቶም ዘፈር ክገብሩ ይእዝዞም ነይሩ። እዚ ጻዕዳን ሰማያውን ሕብሪ ምልክት መንነትናን ንቀዳሞት ኣቦታትና ዘለና ተኣማንነትን ዝገልጽ እዩ። ቐይሕ ሕብሪ፤ ቀይሕ ሕብሪ ንምውሓስ ቀጻልነት ታሪኽናን መንነትናን ንብዙሕ ዘመናት ዝኸፈልናዮ ደምና፡ ረሃጽናን ንብዓትናን ዝውክል እዩ። ኣብ ባንዴራና ዘሎ ቀይሕ ሕብሪ ናይ ኣገልግሎት ክብርታትና ዝውክል እዩ። ቐንዴል፤ ቐንዴል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሸውዓተ ብርሃናት( ሸዱሽተ ጨናፍር) ዘለዎ ጥንታዊ ናይ ኣይሁድ ቀንዴል እዩ።ቀዋሚ ቀንዴል ብወርቂ ዝተሰርሐ ኮይኑ ኣብ ተንቀሳቃሲ ቤት መቅደስ ብሙሴ ኣብ በረኻ ደሓር ኣብ ቤት መቕደስ የርሳሌም ዝተቀመጠ እዩ። መዓልታዊ ጽሩይ ዘይቲ ኣውሊዕ ነቲ ቐንዴላት ንምብራህ ይሃልኽ ነይሩ። ቐንዴል ከም ምልክት አሪት/ ኣይሁድነት ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ከማኡ'ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካብ 70 ዓመት ዝተሰርሓ ኣብያተ ክራስትያናት ግእዝ ይውክል።" ፤ ኣርማና፤ ታቦት ማለት ቅዳሕ ንሙሴ ዝተዋህብኦ ጽላት ሕጊ ኮይና ዓሰርተ ትእዛዛት መጽሓፍ ቅዱስ ዝተወቕረላን ኣብ ስርዓታት ቤት መቕደስ ጥንታውን ዘመናውን ኣብያተ ክርስትያናትና ንጥቀመላ። ታባት ብተወሳኺ ከም ቅዳሕ ናይ ታቦት ኪዳን ክትምሰል ትኽእል እያ። ንቐንዴል ዝምልከት ኣብ ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ወይ ባንዴራ ተመልከቱ። ሃገራዊ ኣርማና ነጸብራቕ ሓበንን ዓሚቕ ኣከብሮትን ንሰማእታትና፡ ቀጻልነትና ከም ጥንታዊ ስልጣነን ንደቅና ክብርታትና ከነውርሶም ሓላፍነትና ከምዘለና እተንጸባርቕ እያ።" ብዝብል ኣቕሚጡ ኣሎ።

3) እቲ ንዚ ማሕበር የሕዋት ኣግኣዝያውን ሰዒቡ ቅሩብ ምምሕያሻት ዘለውዎ ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ድማ ዝስዕቡ መሰረታዊ መትከላት እኒህውዎ።

ሀ)ቅዋም ሃገራዊ ግንምባር ኣግኣዝያን፡- ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ሓርበኛዊ ምንቅስቓስ ኮይኑ ሓውሲ ርእሰን ብዘኽኣላ ጨናፍር ዝቖመ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ህላውነትን ቀፃልነትን ህዝቢ ኣግኣዝያን ምውሓስ እዩ።

ለ) መግለፂ መትከላት፡- ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ናይ ኩሎም ዓሌታት ኣግኣዝያን

ማለት ትግራይ-ትግርኚ፣ ትግረ፣ ብሌንን ካልኦት ብዓሌትን ባህልን ኣግኣዝያን ዘኮኑ ኣህዛብ እዩ። ንንሃገራዊን ዓሌታዊን ባህርያት ህዝቢ ኣግኣዝያን ንምዕቃብን መበቆል ህዝቢ ኣግኣዝያን ዘለዎም ህዝቢ ዝዓብለልዋ ሃገር ንምምስራት ይሰርሕ።

## ሐ) ሃገራዊ ክብርታት ኣግኣዝያን ብዝምልከት፦

"ዓቢ ክኸውን ዝደሊ ህዝቢ ኣብ ኣብ ምስራጽ ሃገራዊ ክብርታት ወፍሪ ክገብር ኣለዎ። ክብርታት ንኹሉ ባህሊ ኣገደስቲ እዮም። ሓደ ሕብረተሰብ ክብሪ ክወሃቦ ዘለዎን ዘይብሉን ነገራት ከሰማማዕ እንተዘይክኢሉ ክዓዩ ኣይክእልን እዩ። ገለ ነኣሽቱ ጉጅለታት ይኹኑ ውልቀ ሰባት ምስ ካልኦት ጉጅለታት ዘይካፈል ናይ ገዛእ ርእሶም ክብርታት ክህልዎም ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ ሕብረተሰብ ብዘይ ሓባሪ ክብርታት ግን ነብሱ እዩ ዘጥፍእ። ካብ ኹሉ ንላዕሊ ሓደ ሕብረተሰብ ንብዙሕነትን ክብርታትን ዝመዝነሉ ስርዓት ክህልዎ ይግባእ።"

"ሃገራዊ ግንባር ኣግኣዝያን ኣብ መንጎ ቤተ ክርስትያንን ዓለምን ዘሎ ጋግ ብምጽባብ ቤተ ክርስትያን ንሕብረተሰብ ክተብርክቶ ትኽእል ነገር ብግቡእ ይርዳእ። ክብርታት ናይ ውልቀ ሰባት ወይ ናይ ሓደ እምነት ማሕበረ-ሰብ ዘይኮነ ናይ ኹሉ ሕብረተሰብ ምኳኑ ንኣምን። እዘም ክብርታት ከኣ ካብ ሰነ መለኮትን መጽሓፍ ቅዱስን ዝወጹ ኮይኖም፣ ኣብ ዘተፈላለየ ደረጃታት ትርጉምን ኣገዳስነትን ንኹሉ ማሕበረሰብ ዝውከሉ እዮም። እዚኣቶም ንህይወት፣ ዝምድናታት፣ ህዝባዊ ህይወትን ዋላ ኣብ ምሕጋግ ፖሊሲታትን ዝኣትዉ ስርዓታት እዮም።

ግዝኣት ሕጊ (ርትዓውነት)፡ ሕብረተሰብ ኣግኣዝያን ደረጅኡን ሃብቱን ብዘይገድስ ብሓደ ሕጊ ተገዚኡ ይኸይድ። ዝኾነ ሰብ ልዕሊ ሕጊ የለን ዋላ መንግስቲ።

ይሁድ-ክርስትና ስነምግባር ( ወርቃዊ ሕጊ)፡ ታሪኻዊ ዝምድና ምስ ይሁድነትን ክርስትናን ንመንነትን ባህልን ኣግኣዝያን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ባህላዊ ስድራ ቤት፡ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ኣብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኣብ ዝመሓላለፍ ክብርታት ይምርኮስ። ርጉእ ስድራ ቤት መሰረት ርጉእ ሕብረተሰብ እዩ።

ማሕበረ ሰብ፡ ምቹሉል ሕብረተ ሰብ ብብምቹሉል ህዝቢ እዩ ዝፍጠር፣ ኩነታት ክገጥሞም ከሎ ከኣ ብምቕሉልነትን ቅኑዕን ኣገባብ ይፈትሑ። እቲ ዝዓበየ እዚ ተመክሮ ሃገራዊ ታሪኽና ምዃኑ እዩ።

ናጽነት፡ ናይ ዘረባን ናይ ሓሳባትን ናጽነት፡ ከምኡ'ውን ንመሰል ዋንነትን ናጽነት ምግዛእን ምልዋጥን ነጻነት ብዘይ ፍርሒ ምህጋር፡ ምስግጋር ዋንነት፡ ዉዕላት ምፍርራምን ንዕኦም ምትግባርን ይጠቓልል።

ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ኣእምሮኣውን ቑጠባውን ክብርታት ኣለዎ። ትምህርቲ ስእለ ኣእምሮ፡ ፈጠራውነትን ድሌት ፍልጠትን የተባብዕ። ብተወሳኺ ንተመሃሮ ልዕሉ መጠን ክፍሊት ዝረኽብሉ ስራሕ ይፈጥረሎምን ዝበለጸ ቑጠባዊ ውሕስነት ይህበምን። ብተወሳኺ ተመሃሮ ነበሰ-ፍልጠት፡ ጽቡቕ ስእለ-ነብሲን ርእሰ ምትእምማንን የጥርየሎም።

ታሪኽን ባህልን፡ ሃገራዊ መንነትናን ሃገራዊ ንቕሓትናን ካብ ታሪኽናን ውርሻናን ዝመጽእ እዩ።ንሕልፍካ ዘይምርዳእ ንሎሚ ብግቡእ ከይትነብራ ዝገብረካ ውድቐት እዩ።

ሃገራዊ ባህሊ ስራሕ፡ ኣብ ውሽጢ መንፈስ ኣግኣዝያን ዝተወቐረ ድሌትን ድልውነትን ብቕንዕና ምስራሕን ዝግባኣካ ክፍሊት ምርካብን ዝብል ነገር ኣሎ።

ቅርዑይ ምሕደራ፡ ቅንዕና፡ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ከምኡ'ውን ቀጻሊ ምዕባለን።

እሙንነትን ሃገራውነትን፡ ምውፋይ ሰጋስን ፍቕሪ ሃገርና፡ ንመሰረታዊ ክብርታትን ስርዓታትን ግእዝ ብምሉእ ልብኻ ምውፋይ።"

## መ) ሃገራዊ መንነት ብዝምልከት፦

"ኣግኣዝያናዊ ሃገራዊ መንነት ካብ ናት ሃገራዊ ንቕሓት ዝብገስ ኮይኑ ንግንዛ ሃገራዊ መንነት ማለት ሓባራዊ ርድኢት ብዛዕባ ህዝቢ ግእዝ ዘለዎ ሓባራዊ ዓሌት ቋንቋ/ ባህላዊ ድሕረ ባይታን ዘጠቓልል እዩ። መንነት ቀዋሚ ዘይነቓነቕ ነገር ዘይኮ ብዘተፈላለየ ከም ታሪኽ ዝኣመሰሉ ነገራት ቅርጺ ዝሕዝ እዩ። ዝኾነ ነገር ኣብ ዝተነዋሐ ግዜ ይልወጥ እዩ፡ መንነት ከኣ ኣብዚ ዑደት ሓድሽ መልክዕ ይሕዝ። ዘይቕየር ነገር እንተድኣ ሃሊዩ ግን ብግቡእ ዝተሰነደ ታሪኽን ካብ ዝተሰነደ ታሪኽን ውርሻን ዝተንስእ ሃገራዊ ንቕሓትን ጥራይ እዩ።

እቶም ቀንዲ መለለዩ ነጥብታት መንነት ኣግኣዝያን እዞም ዝስዕቡ እዮም፦ ሀ) ቋንቋ ግእዝ/ትግርኛን ፊደላት ግእዝን፣ ለ. ንምድርና ሃገረ ኣግኣዝያን( ናይ ሎሚ ኤርትራን ትግራይን) ዘለና ስምዒት፣ ሐ. ታሪኽና፡ ባህልና፡ ኣነባብራናን ውርሻናን፣ መ. ናይ ይሁድ-ክርስትና ክብርታትናን ስነምግባርናን፤ ካብ ኣግኣዚናዊ/ትግራዋይ/ትግርኛ ወጻኢ ዝኾነ ህዝቢ ይኹን ዓሌት እዚኣም ኣርባዕተ ፍሉያት ጠባያትን ፍሉጣት ስሚዕትን ኣይውንንን።"

## ረ) ዕላማታት ፖሊሲ ወጻኢ ብዝምልከት፦

"ሕመረት ስትራተጂካዊ ሃገራዊ ረብሓታትና ንፖሊሲ ወጻኢና ይቕልስ።




መንነትና፡ ታሪኽናን ባህልናን፣ 2 ሃገራዊ ድሕነት፣ 3 ከም ፋይናንስ፡ ማዕድንን ካብ ወጻኢ ዝኣትዉ ሰራሕተኛታት ዝኣመሰሉ ጸጋታት፣ 4 ስነ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ዘመናዊ ምሕደራዊ ስርዓትን፣ 5 ደገ ዓለምለኻዊ ዕዳጋን፣ 6 ስደተኛ ህዝብናን፤ ስለዚ ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ነዘን ሽዱሽተ ሓገራዊ ስትራተጂካዊ ረብሓታትና ዘሰጉም ይኸውን።”

ክቡራት መንበብቲ እዞም ንቲ መሰረታዊ መትከላትን ዕላማታትን እዚ ኣግኣዝያዊ ምንቅስቓስ የርኢ ዝበልና ካብ ሰነዳቶም ጨላሊፍና ዘቕረብናልኩም ከም ዘለዎ እንታይ መኸኑ ክትርድኡ መእንታን እዩ፤ ኣንቢብኩም ናይ ባዕልኹም ሓሳብ ክትሕዙ ምእንታን እዩ። ምናልባት ኣብ ዝቕፅል እዙይ ክኾን ኣለዎን የብሉን ዝብሉ መማረፅቲ ሓሳባት እንተመፁ ተመራፂ ክኸውን እዩ። ብወገን ምስንዳእ ውራይና እወን ዝቕርብ ሓሳብ ክህሉ እዩ። እዙይ ኢልና እዚ ምንቅስቓስ ብኒ ተስፋፅዮን (ትክክለኛ ስሙ እዮብ) ዝበሃል ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝነብር ብዙሕ ከበሃለሉ ዝፀንሐ ኮይኑ፤ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ጨንፈራት ማሕበር ዝምስርቱ ዘለው ኮይኖም፤ ኣብ ቀረባታት ድማ ብብርክት ዝበሉ መንኣሰይ ተጋሩ እውን ሰፊሕ ሪኢቶታት እናተወሃበሉ እዩ እሞ፤ ብተቐውሞን ብድጋፍን ይቐርቡ ካብ ዘለው ሓሳባት (ንምይይጥ መበገሲ ምእንቲ ክኾን) ገለ ቁንጥር ኣቢልና ክነካፍለኩም።

ብወገን ኤርትራውያን ተዛረብቲ ትግርኛ ንንውሕ ዝበለ እዋናት እናተዘረበሉ ዝፀንሕ እዚ ኣግኣዝያውነት፤ ብውግን ናይ ትግራይ ተጋሩ ቅሩብ ጠመተ ክወሃቦ ዝጀመረ ድሕሪ እቲ ብናይ ብኣዴን መቀነባበራይነት ተፈፂሙ ተባሂሉ ዝእመኘነሉ ኣብ ጎንደርን ከባቢኡን ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝበፅሐ በደላት እዩ ክበሃል ይከኣል።ካብኡ ንነጀው ብዝሓት ምንኣሰይ ተጋሩ ቀልበም ናብዚ ኣግኣዝያውነት ተሳሒቡ ኣሎ፤ ቅድሚኡ እውን ገለ እዚ ሓሳብ ዘሰግሙ ውሑዳት እንተነበሩ። ኣብዚ ከይዲ እዙይ ድማ እዚ ምንቅስቓስ ዓዲ ዘፍርስ ድሑርን ዘይበሰለን እዩ ዝብሉ ምንኣሰይ እውን ብትረት ሓሳባቶም እንትሰንዝሩ ተዓዚብና ኢና።

ብመርሀ ደረጃ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ሓድነት ዝቃወም ሰብ ሃልዩ ኣይኮነን። ነገር ግን ኣብቲ ምንቅስቓስ ዝሰምዑ ፀረ ዝኾነ ሃይማኖትን ፀረ ዝኾኑ ብሄራትን ዝመስሉ መደምደምታት ስለ ዝንፀባረቑ እዩ ተቓውሞ ዝቕርበሉ ዘሎ። እቶም እዚ ሓሳብ ሰናይ እዩ ዝብሉ ወገናት ካብ ዘሰጉምዎ ሓሳብ ነገሊኡ. “ጉዕዞ የሕዋት ማሕበር ህዝቢ ትግራይ(ኣግኣዝያን) ፈኺም እናበለ ይጉህር ኣሎ። ኣዐርዩ ክጉህርን እናተባረዐ ከይዱ ነዛ ምድሪ ብብርሃን ክሽፍና ይግባእ። ንምንታይሲ ክፈላለ ዘይክእል ዘይግብእ'ውን ሓደ ህዝቢ ስለ ዘሎ። መን ፈለዮ ሕዱር ቁስልና እናንታዕና ክንቁዝም በረከት የብሉን። መንገዲ ሕውነት ተጀሚሩ ኣሎ ኣብኡ ረጊፅና ንቕድሚት ንምርሸ። እዚ ቅዱስ ጥጅእ ብዓል ዋናኡ ህዝቢ እዩ። ብሩባ መረብ ንኽልተ ተጎዝዩ ውሉድን ወላድን ተፈላልዩ ክነብር ዝተፈርደሉ ህዝቢ! መራሕቲ እዚ ኣጀንዳ ካብ ክልቲኡ ኣብራክ ዝወፁ ክልተ ደቂ! ተጋሩን ተጋሩን! በቢ ዝመሰሎም ሓሳቦም ናብ ንናይ ባዕሎም ህዝቢ ይዝርግሑ ኣልዉ። ህዝቢ ነቲ ጥጅእ ምሉእ ብምሉእ ተቐቢልዎ እኳ እንተዘይተብሃለ ዓብዪ ምልዕዓልን ፍሒትሕትን ከምዝፈጠረ ግን ኣይከሓድን። ዝተቀደሰ ፍሒትሒት! ርግፅ እዩ! ብወገን ተጋሩ ኤርትራ ንዘመናት ብዝበፅሖም ኣደራዕ መሰረት ገይሮም ኤርትራ(ዱባ ሩባ) ን ቀይሕ ባሕሪን ማእኸል ገይሮም ከካይዱ። ብተመሳሳሊ ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ድማ ንታ ንዘመን ዘይኮንስ ንኣዝማን ወለድና ደሞም ኣፍሲሶም ፣ዓፅሞም፡ከስኪሶም ሓዚኦም ከቢሮም ዘፅነሑዋ ዓዲ መሰረት ገይርና ጉዳይ ኣግኣዝያናዊነት ከነሰጉም! ዓለም ሂብካ እትቕበለላ ናይ ምክእኣል ዓለም እያም እቲ ጥጅእ ናብ ጉዕሽ ካብ ጉዕሽ ድማ ናብ ፅራይ ወሓላሉ ተጋሩ ኣጋኣዝያን ክሳብ ዝበፅሕ ብዙሕ ጋዕ ገልጥምን ቲዕ! ምንቲዕን ከጋጥም ባህርያዊ እዩ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ሓደ ሓደ የዋሃት ተጋሩ ብዙሕ ከድንግፁን ብሓደ ግዘ ክበህርሩን ተራእዩ። ብዋናነት ኣብ ክልተ ነግራት ዝተደረኸ ስግኣት እዩ። እቲ ሓደ ርክብ ህዝቢ